# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.282 | ሰንበት 26 ሓምለ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

ስእላዊ ዓምዲ

ገጽ 4

ፊዮዶር ዶስቶቭስኪ

ገጽ 5
ለሊ ምስ ደጀንን ክፍልታትን...


ገጽ 7
ሃገራዊ ፈስቲቫል - ድሕሪ ...



## ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ 114 ተመሃሮ ብዝተፈላለየ ማዕርግ ኣመሪቑ

ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ትማሊ 25 ሓምለ ንኻይ ግዜ ኣብ ዘካየዶ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ክምህሮም ዝጸንሐ ኣስታት 60 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 114 ተመሃሮ፡ ብዲግሪ ድሕረ-ምረቓ፡ ቀዳማይ ዲግሪን ዲፕሎማን ኣመሪቑ።

ተመረቕቲ፡ 18 ብፍሉይ ክእለት ሕክምና ብናይ ድሕረ-ምረቓ ዲግሪ፡ 61 ብቐዳማይ ዲግሪ፡ 35 ድማ ብዲፕሎማ'ዮም ትምህርቶም ዛዚሞም።

እቲ ዓውድታት፡ ሕክምና ውሽጣዊ ሕማማት፣ ሓፈሻዊ ሕክምና፣ መጥባሕቲ፣ ራጅን ስእላዊ ቀረጻ ሕክምናን፣ ሕክምና ማህጸን፡ ጥንስን ሕርስን፣ ስነ-ሕማም፣ ሕክምና ህጻናት፣ ስነ-ፍልጠት ላቦራቶሪ፣ ሕክምናዊ ምድንዛዝ ማለት ኣነስቴዝያ፣ መወልዳን፣ ሕክምናዊ ክንክን ዓበይቲ፣ ህጹጽ ክንክንን ረድኤትን፣ ከምኡ'ውን ሕክምና ዓይኒን ስኒን የጠቓልል።

ናይ ክብሪ ዕድምቲ ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሑሴን ኣብ ዘስመዓቶ ቓል፡ መንግስቲ ከም ኣብ ኩሉ ጽላታት፡ ኣብ ጽላት ጥዕና ብዝገበሮ ገዚፍ ወፍሪ፡ ኣብ ዓቕሚ-ሰብን መሳርሒታትን ብኡ መንጽር ድማ ኣብ ኩነታት ጥዕና



ህዝብና ርኡይ ለውጢ ከምእተመዝገበ ብምሕባር፡ ሽቶታት ዘላቒ ልምዓት ንምስማር መርሓን ውጥንን ተዳልዩ ብዕቱብ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ገሊጻ።

ኩሉ ዜጋ መሰረታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ክረክብ፣ ጥዕና ሓፋሽ ዝተማልአ ክኸውን፣ ብዓቢኡ ድማ ደረጃኡ ዝሓለወ ኣገልግሎት ጥዕና ክውን ንምግባር ሓያል ስራሕ ስለዘድሊ፡ ተመረቕቲ ፍልጠቶም ከስፍሑን ከዕምቕን፣ ልዕሊ ኩሉ ድማ ናይ ስራሕ ስነ-ምግባር ክህልዎምን ሞያዊ ዓቕሞም ኩብ ኩብሉን ተማሕጺና።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ዶ/ር ኀይትኣም ሓጎስ ድማ፡ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ


ስእሊ-ኣክሊሉ ዘርእዝጊ

ሓደ ካብ ቀዳምነታት ሃገር ብምዃኑ፡ መንግስቲ ኤርትራ ቀጻልነትን ዓይነትን ዘወሃብ ትምህርቲ ንምውሓስ ልዑል ወፍሪ ብምግባር፡ ብዝርጋሐኡን ደረጃኡን ምዕሩይ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ኣገዳሲ ዕማም ኣብ ዘሰላስለሉ ዘሎ እዋን፡ ተመረቕቲ ውፉይ ሞያዊ ኣበርክቶ ከምዘገብሩ ዘለዎ እምነቶ ልዑል ምዃኑ ኣነጺሩ።

ወኪል ተመረቕቲ ብወገኑ፡ ዕለተ መመረቕታ ኑቲ ህዝብን መንግስትን ልዑል ወፍሪ ብምግባር ዘሰከምዎ ረዚን ሓላፍነት ስለዘውክል፡ ኣገልግሎት ጥዕና ሃገርና ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ንምብጻሕ እጃሞም ከምዘዘጉብሩ ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ልዑል ነጥቢ ዝመዝገቡ መዳልያን ወረቐት ምስክርን ተዓዲሉ።

ኣብ መወዳእታ ተመረቕቲ፡ ብዘቐሰምዎ ፍልጠትን ሞያን ንህዝቦም ብተወፋይነት ንምግልጋል ቃል-መሓላ ፈጺሞም።

## ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ስካንዲናቭያ፡ ኣብ ስቶክሆልም ተኸፊቱ

መበል 28 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ስካንድናቪያ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ፡ ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ኢጣልያን ተንቀሳቓሲ ኣምባሳደር ኣብ ሽወደንን ኣቶ ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ፡ ብሓሙስ 23 ሓምለ ብወግዒ ተኸፊቱ።

ኣብ'ቲ ኩለን ኤርትራውያን ኮማትን ማሕበራትን ዝተሳተፍኦ፡ ንሓድነት ህዝብን ዘይተምበርካኽነቱን፡ ከምኡ'ውን ንኤርትራዊ ባህልን ክብረታትን ዘንጸባርቕ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፡ ባንዴራ ኤርትራ ብኽብሪ ኣብ ዝተዳለወላ ዘንጊ ተሰቒላ።

ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ኣቶ ኣለም ተኸለጊዮርጊስ፡ ፈስቲቫል ኣብ ውሽጢ 28 ዓመታት ዝሓለፎ መድረኻት፡ ዘርኣዮ ምዕባለን ዘጋጠሞ ብድሆታትን ብምጥቃስ፡ መድረኽ ምውርራስ ታሪኽን ባህልን፣ ከምኡ'ውን ባይታ


ሃገራዊ ሓበንን ኩርዓትን ከምዘዥኑን ከምዘቐጽልን ገሊጹ።

ኣቶ ኣለም ኣስዒቡ፡ ሕልሚ ምውናን ኤርትራዊ ኣዳራሽ ኣብ ሽወደን ተጋሂዱ፡ ህዝቢ ኣብ መጻኢ ናተይ ኣብ ዝብሎ ኣዳራሽ ፈስቲቫሉ ንኸጽንብል ዝተጀመረ ምእኳብ ክፍሊት ክስስንን እቲ መስርሕ ክቀላጠፍን ጻውዒት ኣቕሪቡ።

ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገራት ስካንዲናቪያ፡ ማሕበረኮማት፡ ሃገራውያን ውዳበታትን ኩተማታትን ዘቐምኦ ንነጋድያን ኣገልግሎት ዝሁብ ልዕሊ 15 ዳሳት፣ ሰሚናር ብላዕለዋይ ወኪል መንግስቲ ኤርትራ፣ ሞያዊ ኣስተምህሮታት፣ ስእላዊ ምርኢት፣ ብኤርትራውያን ትካላት ዝቐርብ ባዛር፣ መሸጣ መጻሕፍቲ፣ መዘናግዒ ህጻናት፣ ከምኡ'ውን ካብ ኤርትራ ዝመጸት ጉጅለ ባህሊን ካብ ወጻኢ ዝተኣኻኸቡ ስነ-ጥበባውያንን ዘቕርብዎ ባህላዊ መደባት ዘጠቓለለ'ዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሆላንድ፡ ብ18ን 19ን ሓምለ ኣብ ከተማ ኣምስተርዳም ብውዕዉዕ መንፈስ ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳን ሃገራት በኔሉክስን ኣቶ ነጋሲ ካሳ ዝተኸፍተ ዓመታዊ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ኣቶ ዘርኣይ ገብሩን ሓላፊ ህዝባውን ኮማን ጉዳያት ኣቶ ኢሳቕ ምናሴን ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ ሃገራዊ በዓላትና ብዓቢ ተሳትፎ ብልዑል ድምቀት ምጽንባሉ፡ መርኣያ ሓያል መኸተ ከምዝዀነ ብምጥቃስ፡ የቐናኦም ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ገሊጾም።

ሓላፊ ቈንስላዊ ጉዳያት ኣቶ ኩብርኣብ ተወልደ ብወገኑ፡ ከም'ቲ ኣብ ፈስቲቫል ዝተራእየ ዕዙዝ ተሳትፎ፡ ኣብ ዝውጠን ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት'ውን ግቡእ ኣበርክቶ ምግባር ዜግነታዊ ግዴታ ከምዝዀነ ሓቢሩ።

ኣምባሳደር ነጋሲ ካሳ ንተሳተፍቲ ኣብ ዘካየዶ ሰሚናር፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት፣ ከምኡ'ውን ኣገዳስነት ንቑሕ ውዳበታትን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ማሕበረኮማት ኣብ ልምዓታዊ መደባት ዘተኰረ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ንክልተ መዓልታት ዝቐጸለ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሆላንድ፡ ስፖርታዊ ውድድራት፣ ምርኢት ያታዊ ኣልባሳት ብዜራትና፣ መደባት ህጻናትን ካልእ ትሕዝቶን ዘጠቓለለ ነይሩ።

እቲ ዓመታዊ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ካብ ኤርትራ ዝኸደት ጉጅለ ባህሊ ብዘቕረበቶ መሰናድኦ ደሚቑ ነይሩ።

# ጋሽ ባርካ - ንዕቑር ባህላውን ቁጠባውን ጸጋታት ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ቀሪቡ

ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል 2026 ኣቕሪብዎ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ንዕቑር ባህላውን ቁጠባውን ጸጋታት ዘንጸባርቕ ምዃኑ፡ በጻሕትን ወደብትን ገሊጾም።


ስእሊ. ኣክሊሉ ዘርእዝጊ

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝመጹ በጻሕቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ኣብ ሓደ ቀጽሪ ምስ ያታዊ ባህሊ፡ ኣነባብራ ሕብረተሰብ፡ ባህርያውን ሰብ-ሰርሖን ጸጋታት፡ ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ወግዕታትን ቅርስታትን ክላለዩ ከም ዝሓገዞም ኣብሪሆም።

ንሃገራዊ ፈስቲቫል ዝምጥን ቀረብ ንምግባር ክልተ ኣዋርሕ ዝወሰደ ምድላዋት ከም እተገብረ ዝጠቐሰ ኣቦ-መንበር ሽማግለ በዓላት ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ ብወገኑ፡ ኣብ ያታዊ ትልሂትን መሳርሒታት መዚቃን፡ ንብሂራት ኩናማ፡ ናራ፡ ብዳወየትን ትግረን ዘውክል ትልሂታትን ህርመት መሳርሒታት መዚቃን፣ ኣብ ያታዊ ድኩና ኣባይትን መነባብሮን ድማ ንብሂራት ትግረ፡ ትግርኛ፡ ኩናማ፡ ናራን ብዳወየትን ዘንጸባርቕ ትሕዝቶታት ከም ዝቐረበ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ጥንታውያን ኣግራብን ህንጻታትን ምንጪ ቁጠባዊ ዕቤት ናይቲ ዞባ ኣብ ዝኾኑ ጸጋታት ዘተኮረ ሰእላውን ንዋታውን ምርኢትን፡ ከምኡ'ውን ብቛንቋታት ኩናማን ብዳወየትን ኣፋዊ ያታታት ዘጠቓልል ትሕዝቶ፡ ኣካል ናይ'ቲ ምርኢት ከም ዝኾኑ ኣረዲኡ።

ኣባላት ሓለፍትን ኮሚተታት ድማ፡ እቲ ትሕዝቶ - ምስ መሓውራት ምምሕዳርን ሕብረተሰብን ብምውህሃድ ብመጽናዕትን ዳህሳስን ዝተዳለወ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ካብ በጻሕቲ ሃናጺ ርእይቶታት ከም ዝረኸቡ ገሊጾም።

# ፈስቲቫል - ብሚኒስትሪ ምክልኻልን ሚኒስትሪ ዜናን ዝተዳለወ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት

ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ብመኩነን ሓበሬታን ጎስጓስን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ሚኒስትሪ ዜናን ዝተዳለወ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት ይቐርብ ኣሎ።

ኣብ'ቲ ንውርሻታት ገድሊ ማእከል ዝገበረ ትሕዝቶ፡ ኣብ 1970ታት ክሳብ ናጽነት ዘገልገላ ሬድዮታት ርኹቡ፣ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣሃዱታት ሕክምና ዝጥቀማሉ ዝነበራ ዝተፈላለየ መሳርሒታት፣ ብቛንቋታት ትግርኛን ዓረብን ዝተሰናድኡ መጽሔታትን መጽሓፍትን፣ ከምኡ'ውን መበገሲ መሳርሒታት መዚቃ ብመልክዕ ንዋት ቀሪቡ'ሎ።


ስእሊ. ክብሮም ጸሃየ

ብዘይካ'ዚ፡ ንተፈጥሮኣውን ሰብ-ሰርሖን ጸገማት በዲህካ ስንቂ ናብ ኣሃዱታት ንምብጻሕ ንዝተሓልፈ ኩነታት፣ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ዝተፈጸመ ቅያ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ልምዓት ሃገር ዝዕመም ዘሎ መደባት ዘንጸባርቕ ብቕብኣን ደረቕ ስእልን ዝተዳለወ ትሕዝቶ፡ ኣካል ናይ'ቲ ምርኢት'ዩ።

ኣባል መኩነን ሓበሬታን ጎስጓስን ሚኒስትሪ ምክልኻል መንእሰይ መትከል የማነ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ብንዋት ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ ኣብ ዝተፈላለያ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ተዓቂቡ ዝጸንሐ፣ እቲ ደረቕ ስእልታት ድማ ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምትሕብባር ዝቐረበ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ነጋድያን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ንዝነበረ መሳርሒታትን ኣብ ምምጻእን ምዕቃብን ናጽነት ዝተሓልፈ መስገደላትን ንኽርድኡ ከም ዝሓገዞም ብምጥቃስ፡ ናብ መጻኢ ወለዶታት ንኽሰጋገር፡ ብቐዋምነት ዝዕቀበሉ ውሑስ ቦታ ክህሉ ተላብዮም።

# ኣብ ፈስቲቫል ዝሳተፍ ዘሎ ጉጅለ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ናይ ጽሬት መደብ ኣሰላሲሉ

ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል 2026 ዝሳተፍ ዘሎ ጉጅለ ዞባ ደቡብ፡ ብ24 ሓምለ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ናይ ጽሬት መደብ ኣሰላሲሉ።

እቲ ኣስታት 270 ኣባላት ዝሓቖፈ ጉጅለ ነቲ ስጉምቲ ዝወሰደ፡ ኣብ ናይ ጽሬት ስራሕ ንዝተዋፈራ ኣደታት ንምሕጋዝ፡ ከምኡ'ውን ናይ ጽሬት ባህሊ ንምኹስኳስ ከም ዝኾነ፡ ወደብቲ ገሊጾም።

እቲ ስራሕ ሕልናዊ ዕግበት ከም ዝፈጠረሎም ዝሓበሩ ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ጽሬት ኣብ ዘለኻዮ ክትገብር ዘለዎ ስለዝኾነ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ክሰዕቦ ተላብዮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ኣብ ስራሕ ጽሬት ተዋፊረን ንዘለዋ ኣደታት ናይ ቁርሲ መደብ ተኻፊዱ።


ስእሊ. ሙሴ ግርማይ


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


## መደብ ቴለቪዥን

### ሰንበት 26 ሓምለ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ፊፋ ዎርድ ካብ |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:05 | ዶክመንት |
| 18:35 | መደብ ሙዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ዓረብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ 27 ሓምለ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ቁሸት ዞባ ደ/ቀ/ባሕርን ዞባ ጋሽ ባርካን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደባት ፈስቲቫል |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምርኢት ፌስቲቫል 2026

## ቁሸት ዞባ ጋሽ-ባርካ









ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ- ታእዛዝ ኣብርሃ
ሳቀዳዊ ተወልደ

# መዘናጋዒ

ማርታ'ክብሮም

## ፊዮዶር ዶስቶቭስኪ


"ወዲ ሰብ ምስጢር እዩ፡፡ ንግድል ናይ'ዚ ምስጢር'ዚ ንምፍታሕ ዘግ ምባል እምበር ጸዕሪ ከም'ኡ'ውን ሳዕልን ታሕትን ምባል ግዜኻ ከም ምብፃኻን ክቑጸር ኣይግባእን፡፡ እዚ ግድል'ዚ ንኣእምሮይ ስለ ዝከዘአ ከኣ እንሆ ሰብ ንምፍጻን እጽዕር" ኢሉ ሓውኻ ፊዮዶር ዶስቶቭስኪ፡፡

እዝ ሕጡብ ጽሑፍ፡ እቲ ህቡብ ሩሲያዊ ደራሲ ናብ ሓወ ዝለኣኾ ናብ ሞያ ስነ ጽሑፍ ዓጢቑ ከም ዝተብገሰ ዝገልጻላ እያ፡፡ ሓዉን ቤተ ሰቡን ግን በቲ ዝተማህሮ ሞያ ምህንድስና ርጡብ ስራሕ ሒዙ ክሕግዞም እዮም ዝደልዩ ነይሮም፡፡

ታሪኽ ህይወት ዶስቶቭስኪ ልክዕ ከምቶም ዓበይትን ሓጸርትን ልቢ ወለድ ድርሰታቱ ዘደንቕ ግን ከኣ ዘሕዝን ዋሕዚ ዘለዎ ዛንታ እዩ፡፡

ዶስቶቭስኪ፡ "ድኻ ህዝቢ" ብዝተባህለ ቀዳመይቲ ድርስቱ እዩ ኣብ መላእ ሩሲያ ህቡብነት ክጥሪ ክኢሉ፡፡ እታ ድርሰት ንኣንፈት ሓያል ብርዒ ዘማዕበለት ብምንባራ ብብዙሓት ምሁራትን ነቐፍትን ኣድናቖት ኣትረፈት እያ፡፡

ኣብቲ ግዜ ኣብ ሩሲያ ሓንቲ ብሕቡእ ትንቀሳቐስ ክሉብ ምሁራት ነይራ፡፡ ዶስቶቭስኪ ኣባል ናይ'ዛ ማሕበር ብምንባሩ፡ ሓደ እዋን ኣብቲ ክሉብ ሓንቲ ካብ ጽሑፋቱ



እናኣንበበ ከሎ ተታሒዙ፡፡ ንሞት ከኣ ተፈረደ፡፡ ይኹን እምበር እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተወሰደ ውሳኔ ናብ ኣርባዕተ ዓመት ከቢድ ስራሕ ዘለዎ ማእሰርትን ናይ ሕልፈት ኣገልግሎት ውትህድርናን ተሰጊሩ፡፡ ድሕሪ'ዚ ኣብ ሞስኮ፡ ፐተርስበርግን ሳይበርያን ናይ ማእሰርቲ ግዜኡ ተታሒዛ፡፡

ዶስቶቭስኪ፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ሕማቕ ኩነታት ንኣስታት ትሸዓተ ዓመታት ካብ ድርሰት ተዘናበሉ ድሕሪ ምጽናሕ እንደገና ብርዑ ኣልዒሉ ኣዘዮም ኣደነቕቲ ጽሑፋት ክበርክት ክኢሉ፡፡

"ክራይም ኤንድ ፓኒሽመንት"፡ ሓንቲ ካብዞን ብደረጃ ዓለም ኣድናቖት ዝረኸባ ዓባይ ልቢ ወለድ መጽሓፍ እያ፡፡ "ዘ ብራዘርስ ካራማዞቭ"፡ ከም'ኡ'ውን 'ዘ ኢድየት" ካብዞን ናብ ብዙሕ ቋንቋታት ዓለምና ተተርጒመን ብሰፊሑ ዝዘርግሓ ድርሰታቱ እየን፡፡ ዶስቶቭስኪ፡ ኣብ ኩለን ድርሰታቱ ብዘደንቕ ምህዞን ኣገባብ ኣጸሓሕፋን ንወሸጣዊ ስነ ምግባርን እምነትን ናይ'ቶም ዝዕዘዝም ገጸ ባህርያት ይገልጽ ነበረ፡፡ ብኣታቶም ኣቢሉ'ውን ብፍላይ ንስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ደቂ ሰብ ናይ ምትንታን ዓቕሙ ልዑል እዩ ነይሩ፡፡ ብዘይካ'ዚ ዶስቶቭስኪ ኣብ ዘመናዊ ነዊሕ ድርሰት ሓድሽ ኣንፈት ኣብ ምኽፋት ዓቢ ግደ ተጻዊቱ እዩ፡፡

ዶስቶቭስኪ፡ ብሰንኪ ማእሰርትን ከቢድ ስራሕን ብሕማም ምንፍርፋር ተጠቒዑ ነበረ፡፡ በዚ ከኣ ብዙሕ ይሳቐ ከም ዝነበረ እዩ ዝንገረሉ፡፡ ኣብ ከምዚ ሕማም ከሎ ዝተመርዓዎ ሰበይቱ ነዊሕ ከይጸንሐት ሓሚማ ድሕሪ መማታ፡ ካብ ስቓዩ ንምህዳም ኣብ ስነ ጽሑፍ ክዕቆብ እዩ መሪጹ፡፡

ብሓፈሻ ዶስቶቭስኪ፡ ኣብ ወሽጢ ሃገሩን ዓለምን ብስነ ጽሑፍ ጥራይ ዘይኮነ ንሃገሩ ብዝበርኾ ፍቕርን ተወፋይነትን'ውን ክፍለጥ ክኢሉ እዩ፡፡

## ኣነቓቓሕቲ ጥቕስታት

- "ፍልልይ ኣብ መንጎ ቤት ትምህርትን ሂወትን እንታይ ምዃኑ ትፈልጡ ዶ፧ ኣብ ቤት ትምህርቲ መጀመርታ ትመሃር ድሕሪኡ ትፍተን፡፡ ኣብ ሂወት ግና መጀምርታ ኢኻ ትፍተን፡፡ ደሓር ካብቲ ፈተና ብዙሕ ትመሃር፡፡" (ቶም ቦደት)
- "ፍቕሪ እንተሃልዩካ ካልእ ዘድልየካ ነገር የብልካን፡፡ ፍቕሪ እንተዘይሃልዩካ'ውን ካልእ ክንዲ'ቲ ዘገድስ ኣይኮነን፡፡" (ሰርጀምስ ባሪ)
- "ሰብ እኢጋሩ ኣብ ሃገሩ ክተኽለን ኣለዎ፡፡ ኣዒንቱ ግና ንዓለም ክምርምራን ክጽንዓን ኣለወን፡፡" (ጆርጅ ሳን)
- "እቶም ናብ ቤት ትምህርቲ እናኸዱ ኣብ መገዲ ዝጠፍኡ ሰባት፡ ነቲ መገዲ ምሉእ ሂወቶም ኣይረኽብዎን እዮም፡፡" (ጀርመን)
- "ጸልማት ካብ ጸልማት ዘይኮነ ካብ ብርሃን'ዩ ዝውለድ፡፡ ጽልኢ ካብ ጽልኢ ዘይኮነ ካብ ፍቕሪ'ዩ ዝውለድ፡፡" (ማርቲን ሉተር ኪንግ)
- "ድኹም ሰብ ይቕረ ምባል የጸግሞ'ዩ፡፡ ይቕረ ምባል ካብቲ ዝሓየለ ወገን'ዩ ዝርከብ፡፡" (ማሀተማ ጋንዲ)
- "ንዝእ ርእስና ባዕልና ክሳብ ዘይሰማዕናዮ፡ ዝሰምዓና ሰብ ኣይክንረክበን ኢና፡፡" ማርያን ዊልያምሶን
- "ባህግታተይን ሕልምታተይን ክጽ'ዚ ዝረአ ኣዘብራቕ ጸሓይ እዩ፡ ምናልባት ዘይክበጽሖ እኽእል እኸውን ግና ናብኡ ገጸይ እናንቃዕረርኩ ንጸባቐኡ ከድንቖን ኣብኡ ኣሚነ ንመንገዱ ክኽተሎ የኽእለኒ፡፡" ሉይሳ መይ ኣልኮት

## ንፍሽኽታ

ሓደ ንጓሉ ብምሕር ሕንቃቕ ዘዕበያ ወላዲ፡ መምህር ጓሉ ከይዝርመሉ ብምፍራሕ ናብ ቤት ትምህርታ ከይዱ፡ "መምህር፡ እዛ ቆልዓ ኣዝያ ሓራች ስለ ዝኾነት ኣብ ዘይሕማማ ከይትበጽሕ በዲላ ኢልኩም ከይትዝርመዋ ሓደራኹም፡፡ ምናልባት እንተ ኣበዚሓቶ ግና፡ ነቲ ምስኣ ኮፍ ዝበለ ቆልዓ ህረምዎ'ሞ፡ ንሳ ፈሪሓ ሰቕ ክትብል እያ" በሎም ይበሃል፡፡

## ለከ ኹሉ ነናቱ ግርማ ኣለዎ!

*ሃይማኖት መሓሪ*

ሃገራዊ ፌስቲቫል ወትሩ ሓደሽ ስምዒት'ዩ ዝፈጥረለይ፡፡ ማለት'ሲ ኣብ'ቲ ዓቢ ቀጽሪ ምስሊ ብዙሕነት ኣሎ፣ ትልሂት ኣሎ፣ ናይ ማዛናግዒን መሸጣን ትካላት ኣይውሓዳን፣ ቈልዑ ኣለዉ፣ መጻወቲ ቈልዑ እውን ከም'ኡ፡፡ ዋዕዋዕታ ይኹን መዚቃ ካብ ከርናዕ ምቕላሕ ኣየቋርጽን፡፡ መወዓውዒ ነጋዶ ብዙሓለፍቶ ትኻል ካብ እዝኒ ሰማዕ ኣይትፈልየን፡፡ ኮታ እቲ ኹሉ ግዜ ካብ ኤክስፖ ዘይፍለ ትርኢትን ምንቅስቓስን ሎሚ ዓመት እውን ኣይተሳእነን፡፡

ብቐደሙ እውን ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ ኣብ ሓደ ቐጽሪ ዓሲሎም፡ ሕብራዊ ሓድነቶም ብምስሊ ዘንጸባርቕሉ ወ'ዛም ኣጋጣሚ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ምልእቲ ኤርትራ እዝወር ከም ዝበርኩ ገይሩ እዩ ዝጸንሕ፡፡

ነቶም ጸዓዱ ይኹኑ ጸለምቲ ወጻእተኛታት'ኳ ብቐሊሉ ዘይርከብ ኣጋጣሚ እዩ ዝኾነሎም፡፡ ኩላተን ብሄራት፡ ኩሉ ባህላዊ ትልሂትን መዚቃን፡ ኣኽዳድናን ስልማትን፡ ባህላዊ መበገን መሳርሒታትን፡ ባህላዊ ቑናን ኣቀማምጣን. . . ኣብ ሓንቲ ቐጽሪ ክጽንሐዎም ከሎ፡ ብዛዕባ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ብዙሕ ነገር ንኽፈልጡ ዝተቐረበሎም መኣዲ እዩ ዝመስል፡፡ ስለ ዝኾነ እዩም ድማ፡ ክሳብ ዝከኣሎም ከሎል እናበሉ ክዕዘቡ ዝረኣዩ፡፡

እቶም ግዜ ፌስቲቫል ተጸብዮም ናብ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝውሕዙ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታትና ድማ ሎሚ ዓመት ዝጠዓሙ ኹይናም እዩ ተሰሚዑ፡፡ ብዘይካ'ቲ ኣብዩ ብሄሩ ዝዘረብ ቋንቋታትና፡ ካብ ኣፍሪቃ፡ ኤውሮጳ፡ ኣመሪካ፡ ኤስያ፡ ኣውስትራልያ ዝመጽኡ ዜጋታትና ዝዛረብዎ ቋንቋታት ዓዲ እውን ርእሱ ዝኸኣለ ሕብሪ እዩ፡፡

ስለ'ዚ ፌስቲቫል ኤርትራ ከም'ቲ ሕብራዊ ብዙሕነት ዜጋታት፡ ሕብራዊ ብዝኾኑ ቋንቋታት ዝተመልአ ኹይኑ እየ ረኺበዮ፡፡

ኣብ እዋን ፌስቲቫል ካብ ዘማርረሉ ዝበርኩ ሓደ ዝናብ እዩ፡፡ ኣብ ሓደ ዓመት ናይ ፌስቲቫል ይዝከረኒ፡ ዝናብ ምስ ጀመረ ከዕቅል ኣብ ሓንቲ ትካል ዓንጊጸ'ሞ፡ ብሓደ ሰብ "እንታይ ኹይናም እዮም ደቂይ እዚ ፌስቲቫል ኣብ ግዜ ሓጋይ ዘይገብሩዎ" ዝበል መረረ ተሰሚዑ፡ እቲ ሽዑ ዘጋጠመና ከኣት ዘጠኦ እዩ፡፡ ገለ ኣዚ ሓሳብ ኽድግፉ ከለው፡ ገለኦዮም ድማ ርቱዕ ዝኾነ ምኽንያት ኣቕሪቦ፡፡ እቲ ምኽንያት ብርክት ዝበለ እዩ ነይሩ፡፡ እቶም ቀንዲ ተባሂሎም ዝቐረቡ ግን ተመሃሮ ኣብ ግዜ ክረምት ዕረፍቲ ስለ ዝኾኑ፡ ቈልዑን መንእሰያትን ንኽሳተፉ ዕድል ንምፍጣር ተባሂሉ ከም ዝተመርጸ መጉኡ ብዘወሃኺ ኸኣ ኣብ ደገ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ብዝበዝሒ ናብ ኤርትራ ዝኣትውሉ ወቕቲ ስለ ዝኾኑ፡ ንዓኣቶም ኣብ ግምት ዘእተወ ምዃኑ ተዛሪቡ፡፡ ምስ ካልእ ኩነታት ተኣሳሲሩ ዝተገብረ ክኸውን ከም ዝኽእል ሓሳቦም ወሰ ዝበሉ እውን ነይሮም፡፡ መቸም ብዙሕ ተዛሪቡ፡፡ ኣብ'ቲ ዕላል ዘይተዘከረ እንተ ነይሩ ሓረስታይ ሃገርና ጥራይ እዩ፡፡ ሓረስታይ ኤርትራ ፌስቲቫል ኣብ ግዜ ሓጋይ ክኾነሉ ምመረጸ ማሰለ፡፡ እቶቱ ናብ ቆፎኡ ምስ ኣእተወ ስለ ዝኸውን'ሲ ናብ ፌስቲቫል ንኽቕልቀል ዕድል ምረኸበ ኣለ እዩ፡፡

እቲ ዘማርረሉ ዝበርኩ ጭቃን ጨፈቕፈቕን ግን ሎሚ ከም ጥዑም ሕልሚ ገይረ እብህን ኣለኹ፡፡ ሰማይ ብደበናን ሰርቢን ተኸዲኑ፡ ጸሓይ ድማ ጸሓይ ማይ ጀሎም እናበለ ንምድሪ ኹሓጽብ ከሎ እናተራእየ ናፊቐዮ፡፡ ኣረ እቶም ማይ እናተዛርሙ ክዕንደሩ ዝረኣኹዎም ቈልዑ፡ ክሳብ ክንደይ ባህታ ይፈጥረሎም ከም ዝበረ ሕጂ ተሰዊጡኒስ እዝክሮ ኣለኹ፡፡

ክረምቲ ኤርትራ ኣካልን ተፈታዊ ውቃበን ፌስቲቫል ኤርትራ ምንባሩ ሎሚ እየ ተገንዚበዮ፡፡ ብሓቂ ድማ ኣብ ዝጠዝሕ ወይ ኩሉ ዝሓለፈ እዋናት ፌስቲቫል ጥሉል ግዜ ኢና ኣሕሊፍና፡፡ ጸርግያታት ብዝናብን ውሕጅን ተሓጺቡ ደሚቑ ጸልሚ ምስ ሓዘ ኣግራብ ድሕሪ ዝናብ ኣቖጽልቶም ማይ ተጻዊኑ እናብረቕረቐ ነጡቦጥብ ክፍንዉ ኽለው፡ ሰማይ እንሓሳብ ጸሊም ደበና ተለጢጡ ብቐትሩ ዝዓረበ እንክመስል፡ ጸሓይ ድማ ስሒው ደመና ፈይ ኢሉዎ ምስ ጮሪታት ጸሓይ ክቃለስ ከሎ፡ ተሰፋ ህጡር ክረምትን እቶትን ተደሚሩዎ ከመይ ዘፈስህ ነይሩ ማሰለኩም፡፡

ሎሚ፡ እቶም "ስለምንታይ ፌስቲቫል ኣብ ክረምቲ ኮይኑ" እናበልና ነማርር ዝበርና ተኻፊልቲ ናይ'ቲ ውዕዉዕ ኣጋጣሚ ሓንሳብ እንተ ንራኸብ ዕላልና እንታይ ምኾነ ነይሩ ኣለ ኢሓስቡ፡፡ እቲ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ግዜ ክረምቲ ብቐሊሉ ዝርከቡ ጼጋታትና ዝኾነ በለስ'ኳ፡ ምውሓዱ ጥራይ ዘይኮነስ ሕብሩ ቐይሩን ወዘ ሰኢኑን ኣሎ፡፡ እዚ ኹሉ፡ እቲ ዓርኪ ፌስቲቫል ኤርትራ ዝኾነ ክረምቲ ትሕዝቶኡ ስለ ዝቐየረ እዩ፡፡

ናይ ዝሓለፈ ክረምቲ ዝናብ፡ ጅው ኢሉ እናፈሰሰ ብህድኣት ጀቢብ እናበለን ኪፍኪፍታ እናንጸገ ዝፈጥሮ ደሃያት፡ ምስ ነጉድን በርቅን ዝኸሰቶ ፓኖራማ. . . ኸም'ዚ ኸማይ እንተ ኮይንኩም ከመይ ደዩ ተፈታዊ ነይሩ!


"ኣብ ኢደካ ዘሎ ወርቂ ዳርጋ ጨርቂ" ዝበሃል'ባ ኸም'ዚ ምስ ኩነ እዩ፡፡ ኣቲም ሰባት፡ ብሓቂ እየ ዝበለኩም ዘለኹ፡ ፌስቲቫል ኤርትራ ከም ቀደሙ እናሃለወ ዓቢ ነገር ዝጎደሎ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ ዘሎ፡፡ ኣብ'ዛ እዋን እዚኣ "ፌስቲቫል ኤርትራ ኣየናይ ወቕቲ ክተዩድ ትደልዩ፧" ዝበል ሕቶ እንተ ዝቐርበለይ ብዘይጥርጥር "ኣብ ግዜ ክረምቲ እምበር" ኢለ ምመለስኩ፡፡ እቲ ጭቃ፡ እቲ ዛሕሊ፡ እቲ ዝናብ እንክጀምር መዕቀሊ ንኽትረኽብ ሸበድበድ ትብሎ፡ እቲ ኣብ ግዜ ዝናብ ንእለት ዝቐለ ክመስል ዝዘርግሕ በዩቱ ዝሕብሩ ጽላላት ዝፈጥሮ ትርኢት፡ በለሱን ሸዊቱን ነጎዳኡን በርቁን ደሃዩን መዚቃኡን. . . ከይተረደኣኒ ኣብ ልበይ ሰሪቱ ምጽንሑ ገሪመኒ ኣሎ፡፡

ወቕቡቲ ከተማና ኣስመራ'ኳ፡ ኣብ ናሕሲ ደቦና ኣጽሊሉ ጎደናታታን ኣግራብን ብጣይ ኣጥሊሉ ፈኖቱራታታ ብዝራ ማይ እናሓጸበት ክትጸሪ ኹሉ ማይ ኣብ ቬትሮ መኪናኦም ጀቢብ እናበለ ምርኣይ ምስ ከልኣም ጥሩምባ ዘብዝሑ ሰብ ማካይን ዝፈጥሩዎ ናይ መርዓ ዝመስል ደምጺ፡ ዘብዝበን ተብተብን ሰባት. . . እናናሽዕ እንደየ ብዙምኣጥ ዝዘክሮ ዘለኹ፡፡

ክረምት'ሲ ምስ ተፈታዊ ዝናቡ ደኣ ይመለሰና፡፡ ዋላ ጭቃ እናተጸየቕና፡ ዋላ ዝናብ ኣብ ዝጠኾ እናጸሓየ፡ ዋላ'ውን ኣንሸራቲትካ እናወደቕካ ከተስተማቕሮ ምእንቲ፡ ክረምቲ ካብ ፌስቲቫል ሃገርና ክፍለ የብሉን፡፡ ከም'ዚ ኸማይ ፌስቲቫል ምስ ዝናብ ዝናፈቕኩም ከም ዘለኹም ርግጸኛ እየ፡፡ ምኽንያቱ ብዙሓት ካብ ነጋዶ ፌስቲቫል፡ ድኳኖን ክበል ከሎ ዝናብ ክመጽእ ብሃረርታ ኽጽበዩ ተዓዚበ እዩ፡፡ ኣብ'ዘን ክልተ መዓልታት'ኳ ድኳኖን ኣሉ ዝሑል ንፋስ ምስ ፈነወ ዳርጋ ከላትና ናብ ሰማይ ጠሚትና፡ ብሃረርታ ተጸቢና ኢና፡፡ ቑሩብ ካፉ ፈጊጹ ምስ ኣቋረጸ ግን "ሎሚ ኸኣ ነፊሱ" ኢልካ ጉዚና፡፡



እንተ ኹሉ ኣብ'ዘን ተረፈን ዘለዋ መዓልታት፡ ተዘይኮኑ ድማ ንዓመታ ክረምትን ፌስቲቫልን ተዋሪቖም ክመጽኡና ብዙሶፉ ንዚሊ እምበር፡ ፌስቲቫል ብዘይዝናብሲ . .! ለከ ኹሉ ነናቱ ግርማ ኣለዎ!



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

2ይ ክፋል

ደጀን ክንብል ከለና፡ እቲ ብድሕሪት ኮይኑ፡ ነቲ ኣብ ቅድመ ግንባር ዘሎ ህዝባዊ ሰራዊት ይኸውን፡ ኣብ ደጀን ንዝካየድ ነቲ ግንባር ዘደልድል ንጥፈታት ዝካየደሉ ቀንዲ መትንን መሰረትን ናይቲ ሰውራ'ዩ። እተን ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር ካብ 1977-1991 ዝነበራ ኣየኖት'የን፧ እንታይ ንጥፈታትከ ኣብቲ ሓርነታዊ ቃልሲ ነይሩወን፧ ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

ኣብቲ ኣብ ወርሒ ጥሪ 1977 ኣብ ሰሜናዊ ሳሕል ፋሕ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ዝተኻየደ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ በዞም ዝስዕቡ 11 ክፍልታት ቆመ።

1. ፖለቲካዊ ምንቅቓሕን ትምህርትን ባህልን፡
2. ህዝባዊ ምምሕዳር፡
3. ዜናን ፕሮፓጋንዳን፡
4. ሓለዋ ሰውራ፥
5. ዝምድናታት ወጻኢ፥
6. ወተሃደራዊ ታዕሊም፡
7. ስሊያን ምልክትን፡
8. ዕቃብ ኣጽዋር፡
9. ቍጠባ፡
10. ሕክምና፡
11. ማሕበራዊ ጉዳያት።

በዚ ኣወዳድባ'ዚ፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ካልኣይን ሓድነታዊን ጉባኤ 1987 ኣብ ዝነበረ ዓሰርተ ዓመታት ብዙሕን ኣድማዕን ስርሓት ክዕመም ከሎ፡ ናይ ኩለን ክፍልታት ንጥፈታት ድማ እናዓበየን እናሰፍሐን ይኸይድ ነበረ። ዕማም ናይዘን ክፍልታት ኣብ ትሕቲ ትንፋስ ዘይህብ ቀጻሊ ውግኣትን ኩሉ መዳያዊ ሕጽረታትን ዝሰላሰል ብምንባሩ፥ ነቲ ዝነበረ ብድሆታት ኣብ ምግጣም፡ ሃብታም ተመኩሮ ንምቕሳም ዝኸኣለ እዩ ነይሩ።

ከም ዝፍለጥ ኣብቲ ኣብ 1987 ዝተገብረ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ እንተ ረኣና፡ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ኣብ መንጎ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ 'ማእከላይ መሪሕነት (ሳግም)'ን ዝተገብረ ታሪኻዊ ጉባኤ'ዩ። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ሳግም)፣ ድሕሪ ምጽራግ ጅብሃ ካብ ሜዳ ናብ ሱዳን፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ቃልሱ ክቕጽል ቀራጽ ስጉምቲ ብምውሳድ፡ ሰራዊቱን ክፍልታቱን ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲኡ ተዓቚቡ ዝነበረ ህዝብን ተመሃሮን ጠርኒፉ ናብ ሜዳ ኣትዩ። ክሳብ'ቲ ካልኣይ ጉባኤ ዝግበር ድማ፡ ኣብ ግንባር ሓልሓል ኣብ ጎድኒ ህዝባዊ ሰራዊት ዓሪዱ ጅግንነታዊ ቃልሲ ኣካይዱን ከም ካልእ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ክቡር ዋጋ ከፊሉ ጅግንነቱ ብግብሪ ኣረጋጊጹን።

ድሕሪ'ዚ ድማ'ዩ ኣብ መጋቢት 1987 ኣብቲ ኣብ ዓሬርብ ኣብ ዝተገብረ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ፡ ናብ ህዝባዊ ግንባር ተጸንቢሩ ሓደ ወድብን ሓደ መሪሕነትን ኮይኑ።

ኣብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ (1987) ኣብ ቅርጺን ኣቃውማን ክፍልታት ውድብ መጠናዊ ለውጢታት ተገብረ። በዚ ሓድሽ ቅርጺ ድማ፡ ብዘሒ ክምቲ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ዝነበረ 11 ክፍልታት ከም ዝህሉዋ ተገብረ። እቲ ሓድሽ ክፍልታት ገሊኡ ከምቲ ቀዳማይ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ገሊኡ ድማ ለውጢ ተገብረ። ስለዚ እቲ ኣብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ዝጸደቐ ክፍልታት ካብቲ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ዝቖመ ክፍልታት ቀሩብ ለውጥታት ነይሩዎ።

1. ሃገራዊ መርሓ ናይዚ ክፍሊ እዚ እንታይ ለውጢ ከም ዝገበረ ኣብ ዝርዝራቱ ኣብ ዝቕጽል እዋን ክንርእዮ ኢና።
2. ህዝባዊ ምምሕዳር ከም ቀደሙ።



3. ሓለዋ ሰውራ ከም ቀደሙ።
4. ዝምድናታት ወጻኢ ከም ቀደሙ።
5. ወተሃደራዊ ታዕሊም ከም ቀደሙ።
6. ስሊያን ጸጥታን (እዚ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ስሊያን ምልክትን ዝበሃል ዝነበረ ክፍሊ'ዩ)
7. ዕቃብ ኣጽዋር ከም ቀደሙ።
8. ኮሚሽን ቍጠባ። (እዚ ክፍሊ እዚ ድማ፡ እንታይ ከም ዘጠቓልል ኣብ ዝስዕብ ክርአ'ዩ።)
9. ሕክምና ከም ቀደሙ።
10. ማሕበራዊ ጉዳይ።
11. ፍትሒ (እዚ ክፍሊ እዚ ኣብ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ዘይነበረ ሓድሽ ክፍሊ'ዩ። ንምንታይን ብኸመይን ከም ዝቖመ ኣብ ዝቕጽል ክንርእዮ ኢና።


ምስዚ፡ ወተሃደራዊ ኮነታት ዘወሃህድ "ጠቕላሊ ስታፍ ወተሃደራዊ ስርሒታት" ድማ ቆመ።

ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝተጠቕሳ ክፍልታት፡ ገለ ገለ ሓደስቲ ጨናፍር ክውሰኻ ከለዋ፡ ገሊአን ድማ ጥርናፈአን ካብ ሓደ ክፍሊ ናብቲ ካልእ ከም ዝቕየር ተገብረ። እዘን ክፍልታት ኣብ ሳሕልን ካልእ ሓራ ቦታታትን ከይተሓጽራ፥ ኣብ ሓውሲ ሓራን ድሕሪ መስመር ጸላእን ካብ ዞባ ጀሚሩ ክሳብ ንኣሽቱ ዞባን ወረዳን ዝወርድ ትካላውን ምምሕራዳውን ቅርጽታትን ኣወዳድባን ነበረ።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ፡ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ጉባኤ ዝጸደቐ ቅርጺ፡ ኣቃውማ፡ ተልእኾን ዕማማትን ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር ዳርጋ ተመሳሳሊ ኮይኑ፡ ምስ ግዜን ምዕባለታትን ዝኸይድ መጠናዊ ምቅይያራት እናተገብረሉ ዝመጸአ እዩ። ስዒቡ ዝቐርብ ጽሑፍ እምበኣር፡ ንኽፍልታት ህዝባዊ ግንባርን ስርሖን ብናይ 1987 ኣቃውማአን ዘላሊ እዩ።

ይቕጽል...





### ካብ ሰነዳት ስእልታት ሰውራ

ኣብ መጋቢት 1984 ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ነቲ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ንኣስታት 5 ዓመታት ዓሪዱ ዝነበረ፡ ብውቃው እዝ ዝፍለጥ ግዚፍ ሰራዊት ኢትዮጵያ ደምሲሱ። እቲ ውግእ ብዕለት 19 መጋቢት ጀሚሩ ዕለት 22 መጋቢት 1984 ድማ ብዓወት ተዛዚሙ። ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ፈረሱ ውቃው እዝ ሓንሳብን ንሓዋሩን ተደምሲሱ።

ሽዑ እቶም ዓቕሎም ዝጸበቦም ወተሃደራት ደርግ፡ ዝገብሩዎ ጠፍኦም። ኣብ መጠረሽታ መካይኖም ሒዞም ናብ ባሕሪ - ናብ ማርሳ ተኽላይ ብምህዳም፡ ነተን ኦራላት ዝዓይነተን ስራሓት ሶቬት ሕብረት ወተሃደራዊ መካይን - ያኢ ናብ ጀልባ ተቐዪረን ከም ዘድሕናኦም - ናብቲ ባሕሪ ሒዞመን ተደርጊሞም።

እንተኾነ፡ ኩለን እተን ኦራላት፡ ኣብቲ ገምገም ባሕሪ ተሰሪፀን ኣብ ኢድ ተጋዳላይ ኣትየን። ኣብቲ መጥቃዕቲ ተሳቲፉ ዝነበረ ሰኣላይ ተጋዳላይ ፍጹም ገብራይ ድማ፡ ስኢሉወን። ሽዑ እቶም ቅያ ዝሰርሑ ጀጋኑ፡ ኣብ ዝባነን ደዪቦም ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ ብምባል ንብረቶም ገይሮምወን።



ሰኣላይ ፍጹም ገብራይ መጋቢት 1984

### መለስታት ናይ ዝሓለፈ ካብ ታሪኽ ሰውራና

1. ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ።
2. ዞባ ደቡብ (ድባርዋ፡ ደቀምሓረ፡ መንደፈራ፥ ዓዲ-ኳላ፡ ማይ-ድማ፡ ሰገነይቲ፡ ዓዲ ቐይሕ፡ ሰንዓፈ፡)
3. ግንባር ሓልሓል
4. ሐ/ ዓረዳይብ
5. ለ/ሻብዓይ ወራር (ሰላሕታ ወራር) ካብ 26 መጋቢት ክሳብ ክፍላ ነሓሰ 1983
6. ሀ/ሰልዒ ከርከበት
7. መቓይሮ፡ ናደው፥ ካብ ናቕፋ ናብ ናቕፋ፥ ደጀን፡ ዛዛሚ ኩናት፡ ዓዋተ፡ ዘይተነግረ ገድሊ፡ ሳሊና ወዘተ
8. ሀ/11 ክፍልታት ነይሩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዕዳ

ከሳሲት ሳዕድያ ስዒድ፡ ተኸሳሲት ፋኑስ ዘርኣጼን ናይ ሲቪል ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ 5/10/26 ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ዑመር መሓመድ ዑመር፡ ተጸዋዒት ሳዕድያ ኢብራሂም ሓምድ፡ ናይ ወክልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን31/10/26 ቅረቢ። እንተዘይ ቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ወይኒ ተኸስተ ሃብተጽዮን ብዓል ቤተይ ርቡል ተስፋይ እስቲፋኖስ ስለዝተሰወኡ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃንስ ጉብራይ ንርኣዮ ምግል ተሪፉ የውሃንስ ጉብራይ ንርኣዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ፡ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃታት

**Golden Integrated Algebra & Geometry**

ብሉ-ቁጽሪ ብዝተሰላሰለ መንገዲ ንኽትመልከቶ ኣብ ክፍሊ ይኹን ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ክትዕወት ዝሕግዝ መጻሕፍቲ።

ትሕዝቶ መጻሕፍቲ፦

- ኩሉ ዓይነት መግለጺ ናይ ኣልጀብራን ጆሜትርን ዘጠቓልል
- ልዕሊ 700 ኣብነታት ምስ ኣፈታትሓኡ
- ልዕሊ 1700 ሕቶታት ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመስሉ ሕቶታት ምስ መልስታቶም




ቴሌፎን፦ 07114840


## ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ (vacancy)

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ እዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ክፉት ስራሕ ቦታ ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለዝደለየ፡

### 1. ሓላፊ ኩዕሶ እግሪ ህጻናት

<u>ዘድልዩ መማዘኒታት</u>

ደረጃ ትምህርቲ ፦ ብዓውደ ስፖርት ወይ ካልእ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ዘለዎ
ተሞክሮ ስርሑ፦ 1ዓመት
ዕድመ ካብ 18 - 50
ናይ ኮምፕዩተር ክእለት ዘለዎ
ቋንቋ እንግሊዝ ዝመልኽ

፨ ብዓወደ ስፖርት ወይ ካልእ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ዘይወደአ እንተኾይኑ
 ደረጃ ትምህርቲ፦ 12 ወይ 12+1
ደረጃ ልቾንሱ፦ ምስልጣን “ዲ” ወይ ካብኡ ንላዕሊ
ተሞክሮ ኣብ ስራሑ፦ ኩዕሶ እግሪ ህጻናት 2 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ
 ከም ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ 5 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ
 ከም ኣሰልጣኒ ኩዕሶ እግሪ 2 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ
ዕድመ ካብ 18 - 50
ናይ ኮምፕዩተር ክእለት ዘለዎ
ቋንቋ እንግሊዝ ዝመልኽ

### 2. ሓላፊ ኩዕሶ እግሪ መንእሰያት

<u>ዘድልዩ መማዘኒታት</u>

፨ደረጃ ትምህርቲ ፦ ብዓውደ ስፖርት ወይ ካልእ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ዘለዎ
ተሞክሮ ስራሑ፦ 1ዓመት
ዕድመ ካብ 18 - 50
ናይ ኮምፕዩተር ክእለት ዘለዎ
ቋንቋ እንግሊዝ ዝመልኽ
፨ ብዓወደ ስፖርት ወይ ካልእ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ዘይወደአ እንተኾይኑ
 ደረጃ ትምህርቲ ፦12 ወይ 12+1
ደረጃ ልቾንሱ፦ ምስልጣን “ዲ” ወይ ካብኡ ንላዕሊ
ተሞክሮ ኣብ ስራሕ ፦ ኩዕሶ እግሪ መንእሰያት 2 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ
 ከም ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ 5 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ
 ከም ኣሰልጣኒ ኩዕሶ እግሪ 2 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ
ናይ ኮምፕዩተር ክእለት ዘለዎ
ቋንቋ እንግሊዝ ዝመልኽ

መተሓሳሰቢ
1.ዝኾነ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታታት እተማልኡ ደለይቲ ስራሕ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክተመልከቱ ንሕብር።
2. ደለይቲ ስራሕ ሃገራዊ ግቡኦም ዝማልኡ ወይ ዘይምልከቶም ክኾኑ ኣለዎ።
ኣድራሻ
ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ - ጎኒ ኣስመራ ስታድዩም፡ ስልኪ ቁጽሪ 163296 ኣስመራ



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ተቐባሸ ከንቲባ ኣባይ ብርሃ፡ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ ባሮ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ነመስግን።

ደቃን ደቂ ደቃን
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዝዩ ዘኽብሮ ክቡር ብዓል ቤተይ ኣቶ መሓሪ ተስፋገርግሽ ጉብሩ (መሓሪ ቺና) ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ እናተመላለስኩም ዝበጻሕኩሞ፡ ምስ ዓረፈ ድማ ኣብ መቓብር ቤት ገርግሽ ኣርባዕተ ኣስመራ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ግዜ ሓዘን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብኣካል ዝተመላለስኩም፡ ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ቤተሰብን ፈተውትን መታዓብይትን መሳርሕቲ ጎረቤቲ ኣዕሩኽን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ፡ ኣምላኽ ጻማኹም ይሃብኩም እናበልና ምስጋና ነቕርብ።

ብዓልቲ ቤቱ ኣወጣሽ ብዙሀ ምስ ምሉኣት ቤተሰብ



## ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣቦናን ሓውናን ኣቶ ተወልደ ሃይለ ሕድሩ፡ ብዕለት 26/6/2026 ሰ 2026 ብኣካል ተረኺብኩም ኣብ ሃገር ጀርመን ከተማ ውፕርታል ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ኣስመራ ተመላሊስኩም ሓዘንኩም ዝገለጽኩምልናን ሕሰም ኣይትርከቡ ይብለ፡

ስድራቤት ሃይለ ሕድሩን ምሉኣት ስድራቤትን።

## ምስጋና



ብምኽንያት ሃንደበታዊ ዕረፍቲ ዘፍቅሮ ብዓል ቤተይ ኣቶ ተኽለ ኣብርሃ ገ/ሄር፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሸከቲ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ሃገር ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ፈተውትን ኣዕሩኽትን ቤተሰብን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝገጸና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ፍረወይኒ ካሕሳይ ምስ ደቀን ምስ ምሉኣት ስድራቤቱን



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ነፍቅራ ኣዴና ኣብርሀት ወልደንጉስ ተስፋጽዮን ዝተሰመዓና ሓዘን ኣብ ዓዲ ንኣምን ሎጎ ዓንሰባ ዘቃበርኩምና፡ ብቴሌፎንን ብኣካል ተመላሊስኩምን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ ምስጋናና ነቕርብ።

ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

ሪፖርታዥ

# ሃገራዊ ፈስቲቫል - ድሕሪ ፍርቂ ዘመን ንሕትመት ዝበቕዐት መጽሓፍ ስውእ

ሚርያም ኣብርሃም
ስእሊ- ክብሮም ጸሃየ

እታ ኣብ እዋን መግዛእቲ፡ ደቂ መሬት ዘሕለፍዎ፡ ግፍዒ ስቅያትን ሞትን ኣብ መዓሙቕ ከርሳ ዓቂባ፡ ዓመት መጸ ሃገራዊ ፈስቲቫል እተኣንግድ ዘላ ቀጽሪ ኤክስፖ፡ ሎሚ ዓመት'ውን ሃገራዊ ሓድነትናን ጥምረትናን ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ'ያ ቀሪባ ቀንያ።

ኣብ ኣብ ኩተማ ኣስመራ፡ ቀጽሪ ኤክስፖ ኣብ ዝካየድ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ኩሉ ሰብ ሃረር ኢሉ ዝጸበዮ፡ ኣብ ባህልን መንነትን ህዝቢ ኤርትራ መሪሕ ተራ ዘለዎ ሓያሎ ንጥፈታት እዩ ዝቐርብ። ነዚ ኩሉ መሰናድኣታት ንምዕዛብን፡ ሃውሃው ናይቲ ፈስቲቫል ንምክፋልን ከኣ፡ ዳርጋ ካብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራ ዝመጸ ህዝቢ ናብ ቀጽሪ ኤክስፖ ይውሕዝ።

ንሕና'ውን ብወገንና፡ ናብ ቀጽሪ ኤክስፖ ተጓዒዝና፡ ኣድህቦና ናብቲ ብዝተፈላለዩ ደረስቲ ተቐሪቡ ዘሎ ምርኢት መጻሕፍቲ ገይርና።

ኣብቲ ኣብ ኣዳራሽ ቀጽሪ-ክልተ ዝርከብ ምርኢት መጻሕፍቲ ዘወር ኣብ ዘበልናሉ፡ ደረስቲ ትሕዝቶን ዕላማን ናይቲ ሒዞሞ ዘለዉ መጽሓፍቲ እዮም ክሳልዩና ጀሚሮም። ኣብ ሃገርና፡ ማዕረ ክንደይ ብዙሕ መጽሓፍቲ ኣብ ሓጺር እዋን ፈርዩ ከም ዘሎ ክንርድኣ ክኢልና። እቲ መጻሕፍቲ፡ ብብትሕዝቶኡ ተፈላልዩ ብምህላዉ ከኣ፡ ዝደለኻዮ መጽሓፍ ብዘቐለለ ኣገባብ ንምርካብ ምቹእ ይገብሮ። ናይ ታሪኽ፡ ልቢ-ወለድ፡ ስነ ልቦና፡ ጥዕና፡ ኣካዳሚ መጻሕፍቲ፡ ገለ ካብቶም ኣብ ምርኢት መጻሕፍቲ፡ በቦታኡ ተመዲቦሉ ኣሎ።


ፈለማ፡ ምስ መምህር ቴድሮስ ሃብተ ኣዕሊልና ነይርና። ደራሲ ናይ ክልተ መጽሓፍቲ እዩ። ሃዋህው ምርኢት መጻሕፍቲ ኣዝዩ ጽቡቕ ከምዘሎ፡ ነጋድያን ድማ ብደረስቲ ሃገርና ዝቐረበ መጻሕፍቲ ብጽቡቕ ይዕዘብዎ ከምዘለዉ ብምግላጽ፡ ዕላማታት ናይተን ኣዳሊየወን ዘሎ መጽሓፍቲ ገሊጹልና። ኣብ 2025



መምህር ፈሪሓ ኣሕመድ

ዝፈረየት መጽሓፍ 'ኣኽሊል መርሓ'፡ ዕላማኣ፡ ኑቶም ተረኪቡቲ ሃገር ዝኾኑ መንእሰያት ሃገርና፡ ጸታዊ ባህርያቶም ከማእዝንሉ ዝኽእሉ መንገዲ እትሕብር ምዃና፡ እታ ካልኣይቲ፡ 'ጽዋ ጎልጎል' ትብል ድማ ልቢ ወለዳዊት ድርሰት ኮይና፡ ኣብ እዋን ገድሊ 1970'ታትን 80'ታትን ኣብ ኣስመራ ዝዓበዩ ዝነበሩ ቈልዑ፡ ኑቲ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ብኸመይ ይርድእዎ ምንባሮም፤ ግዝውቲ፡ ስድራ ድማ ብዓቢኡ፡ ኣቡቲ ገድሊ ከመይ ይዋስኡ ኔሮም እትገልጽ ምዃና ኣብሪሁልና።

ኣቡቲ ኣጋጣሚ ቀንዲ ኣተኩሮና




መጽሓፍ "ኣበባይ ክብረተይ መሊሰያ ናብ ቤተይ"

ዝሰሓበት፡ እታ ብስውእ፡ ዓንደጼን ቀሺ ኣፈወርቂ ተደሪሳ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ብመምህር ቴድሮስ ኣርትዖት ተገይሩላ ዝተሰናድኣት፡ መጽሓፍ "ኣበባይ ክብረተይ መሊሰያ ናብ ቤተይ" ትብል ነይራ። ስውእ ዓንደጼን፡ ነዛ መጽሓፍ ኣብ 1973 ጽሒፉ ኣብታ ዓመት'ቲኣ፡ ናብ ሳንሱር ናይ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ግዜ ሃይለስላሴ ኣቕሪብዋ'ኳ እንተነበረ፡ ስለ እተኸልከለት ንሕትመት ኣይበቕዐትን። እዛ ኣብ ገበራ ብቋንቋ ኣምሓርኛ፡ ክትሕተም ከምዘይተፈቐደላ ዝሕብር ጽሑፍ ሰፊሩዋ ዘሎ መጽሓፍ ብፍቓድ ስድራቤት ስውእ ከምእተሓትመት መምህር ቴድሮስ ገሊጹልና። ብመሰረት'ቲ ካብ መምህር ቴድሮስ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ መጽሓፍ 'ኣበባይ ክብረተይ መሊሰያ ናብ ቤተይ'፡ ድሕሪ 50 ዓመት እያ ኣብ ሓደ ዝኣረገ ሳንዱቕ ስድራ ስውእ ዓንደጼን ተቐሚጣ ጺኒሓ። ገለ ኣገዳሲ ሓሳብ ክህልዋ ይኽእል እዩ ዝበሉ ፈለጥቲ ስውእ ዓንደጼን ድማ ነታ መጽሓፍ ናብ መምህር ቴድሮስ ከም ትበጽሕ ገይሮማ፡ ድሮ'ውን ገለ እዋናዊ መሰነይታ ተገይሩላ ንሕትመት በቒዓ።

መጽሓፍ ጽሒፍካ ኣብ ምሕታሙን ምዝርጋሑን ዘሎ ብድሆ ቐሊል ኣይኮነን። ብድሆታት ምጽሓፍን ምሕታምን ሰጊርካ፡ ናብ ኣንባቢ ንኸተብጽሕ ዘሎ ዕድል፡ ድማ ንብዙሓት ብቑዓት ጸሓፍቲ ዕንቅፋት ኮይንዎም። ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ቀሪቡ ዘሎ ምርኢት መጽሓፍቲ ግን ነዚ ብደሆ ዘቃልል እዩ። ምኽንያቱ እቲ ምርኢት ውልዶን ምኩራትን ጸሓፍትን ሃገርና፡ ድርሰቶም ዘላልዩሉ፡ ዕድል ብምንባሩ።

ትዕዝብትና ኣብ ዝቐጸልናሉ፡ መንእሰይ መምህር ፈሪሓ ኣሕመድ ዘዳለውቶ መጻሕፍቲ ብዕምቆት ንምዕዛብ ኢና ተኣሊና። መምህር ፈሪሓ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኣ ንክልተ መጽሓፍቲ ቈልዑ ክትደርስ ዝበቕዐት ኣብነታዊት መንእሰይ እያ። ንሳ ኣብ ምርኢት መጻሕፍቲ፡ ደሴት ቁጽርታት 1ን 2ን ዝብላ መጽሓፍቲ ብምድራስ እያ ናብ ምርኢት ኣቕሪባ ዘላ። ንመንእሰይ ፈሪሓ፡ ብዛዕባ ድርሰታን ሓፈሻዊ ሃዋህዉን ምርኢት መጻሕፍቲ ክትህበና ኣብ ዝተወከስናሉ ድማ፡ ከምዚ ክትብል እያ መሊሳ። 'ምርኢት መጻሕፍቲ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናተማሓየሸ ይቐርብ ምህላዉ' ዝገለጸት መንእሰይ ፈሪሓ፡ 'ፍሉይነት ናይ ሎሚ ዓመት ካብ ናይ ዝሓለፈ ድማ ኣደራሽ ቍጽሪ 2 ንምርኢት መጻሕፍቲ ጥራሕ ዝተሓዝአ ምዃኑ እዩ' ኢላ። "ከም ዝዘከር ምርኢት መጽሓፍቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት፡ ምስ ናይ ስእሊን ኢደ-ጥበብን ኣብ ሓደ ኣደራሽ እዩ ኔሩ" ዝበለት ፈሪሓ፡ "ሕጂ ንደረስቲ ጥራሕ፡ ተዋሂቡ ዘሎ ገፊሕ ቦታ፡ ነጋድያን ከይተሸገሩ ክዕዘቡ ዝኽእሉ ባይታ ፈጢርሎም ኣሎ" ብምባል እያ ኣረዲኣትና። ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣቕሪባቲ ናይዚ በበይኑ ሞያ ዝኾኑ ደረስን



መምህር ቴድሮስ ሃብተ

ክኢላታት ኢደ-ጥቡበን፡ ፍርያቶም ንምልላይ፡ ቁሩብ ተሸጊሮም ምንባሮም'ውን ሓቢራ። ንሳ ወሲኻ፡ ንዕላማ ድርሰታ ዝምልከት ሓጺር መብርሂ'ውን ሂባትና እያ። መጽሓፍቲ ደሴት ቁጽሪ 1ን 2ን፡ ሒዘንኦ ዘለዋ መንቀሊ ሓሳብ፡ ስነ ቍጽሪ ኾይኑ ብመልክዕ ዛንታታን ጸወታታትን ጌሩ፡ ንቈልዑ ዘላሊ ምዃኑ እያ ገሊጻትልና። መንእሰይ ፈሪሓ፡ ፍሉይነት መጽሓፍታ፡ ብዓይነቱ ንመጀመርታ እዋን ዝኾነ ቁጽርታት ናይ ትሽዓተኡ



ተጋዳላይ ኢብራሂም ሳልም

ቋንቋታት ሃገርና፡ ምስ ስእሊ ኣኩዳድና ብሄራትና ተሰንዩ ቀሪቡ ምህላዉ'ውን ሓቢራትና ኣላ።

ካብ ምርኢት መጻሕፍቲ ከይወጻና ዘዘራረብናዮ፡ ኣብ ሓቀኛ ታሪኽ ዝተሞርከሰት መጽሓፍ 'ቀይሕ ኣይሂ' ዝተረኸ ተጋዳላይ ኢብራሂም ሳልም ኢዩ ኔሩ። ተጋዳላይ ኢብራሂም፡ ንምርኢት መጽሓፍቲ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃበና ሓበሬታ፡ 'ዓመት መጸ ኩሉ-መድያዊ ሃዋህዉን ምድላዋትን ሃገራዊ ፈስቲቫል ብሓፈሻ፡ ምርኢት መጽሓፍቲ ድማ ብፍላይ ብዝበለጸ ኣገባብ እዩ ዝቐርብ' ድማ ኢሉ። ተራኺ መጽሓፍ ቀይሕ ኣይሂ ዝኾነ ተጋዳላይ ኢብራሂም ከም ምስክር ናይቲ ኣብታ መጽሓፍ ቀሪቡ ዘሎ ዛንታ፡ ቃልሲን ጅግንነት ኤርትራውያን ተጋደልቲ ክሽውን እንከሎ፡ ደራሲ ኤርምያስ ኣብራሃ ከኣ ናብቲ ናይ መውዳእታ መልክዑ ዘብጽሓ ምዃኑ እዩ ሓቢሩና።

ኣብ መወዳእታ ንገለ ካብቶም ኑቲ ምርኢት ብተምሳጥ ዝዕዘቡ ዝነበሩ ነጋድያን ናብ ምዝርራብ ኢና ኣቲና። ሜክኣፕ ኣርቲስት ዮርሳሌም ዘርኣይ ሓንቲ ካብኣቶም ኮይና፡ ንምርኢት መጽሓፍቲ ምስ ደቃ ኮይና፡ ብሕጉስ መንፈስ ትዕዘቦ ከምዘላ፡ ገለ መጽሓፍቲ'ውን ገዚኣ ከምዘላ እያ ሓቢራትና። ቀጺላ ዮርሳሌም፡ ኣብ ምርኢት መጽሓፍቲ ጽቡቕ ዝኾነ መጽሓፍቲ ቀሪቡ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ በጺሕቲ ናብ ምርኢት መጽሓፍቲ ኣትዩም፡ ኑቲ ዘይውዳእ ቁም-ነገር ሒዙ ዘሎ መጽሓፍቲ ክዕዘብዎ እያ ተላቢያ።

ቀጺልና ንመምህር ዮውሃንስ ተኽለ፡ ኢና ኣዘራሪብናዮ። "ኣብ ምርኢት መጽሓፍቲ ምሉእ ዘይጉዱል'ዩ ትሕዝቶታት ቀሪቡ ዘሎ" ዝበለ መምህር ዮውሃንስ፡ ህዝብና ናይ ምንባብ ልምዱ ብምዕባይ ነዚ ቀሪቡ ዘሎ መጽሓፍቲ ክጥቀመሉ መኺሩ።

ኣብ ምርኢት መጽሓፍቲ ብሓፈሻ፡ ናይ ታሪኽ 43፡ ልቢ-ወለድ 73፡ ስነ-ልቦና 65፡ ጥዕና 07፡ ኣካዳሚ 340፡ ብድምር 528 መጽሓፍቲ ቀሪቦም ኣለዉ። ብዘይካ`ዚ ካልእ ክሳብ 92 ዝበጽሕ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት መጽሓፍቲ ኣውገት (ኣሕተምቲ ሕድሪ) ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ክሳብ 1450 ዝበጽሕ፡ ዘገልግለ መጽሓፍቲ ቀሪቡ ኣሎ። ኣብ ምርኢት መጽሓፍቲ ናይ ሎሚ ዓመት፡ ብዝሒ ደረስቲ ብቍጽሪ ክረአ እንከሎ፡ ደቂ-ተባዕትዮ 110፡ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ 34 እዮም።



ሓፈሻዊ ስእሊ ምርኢት መጽሓፍቲ

ስእሊ ሳልሕ ዓብደልቃ

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ንኣሰልጠንቲ ኩዕሶ እግሪ ህጻናት ስልጠና ተዋሂቡ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ምስ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኩዕሶ እግሪ ዓለም 'ፊፋ'፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብወሃደት ዝሰርሖ ፕሮጀክት ምምዕባል ኩዕሶ እግሪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝኣልዩ መምህራን ኣካላዊ ብቕዓት ዓቕሚ ክብ ዘብል ናይ መሐደሲ ስልጠና ሂቡ።

እዚ ስልጠና ካብ 20 ክሳብ 24 ሓምለ 2026 ኣብ ኣስመራ ተኻይዱ። ኣብዚ ካብ ኩለን ዞባታት ንዝተዋጽኡ ሓሙሽተ ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 45 መምህራን ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ተሰንዩ ዝተዋህበ መደብ፡ ንኣተገባብራ ዘመናዊ ስልጠና ኩዕሶ እግሪ ኣብያተ ትምህርቲ፡ መባእታዊ ኣፍልጦ ሕክምና ስፖርት፡ ንሽኽሽኽ ሓለዋን ትሕተ ዕድመን ካልእ ኣርእስታትን ዘጠቓልለ'ዩ ነይሩ። ኣብ መዛዘሚ ናይቲ መደብ ዳይረክተር ቤ/ጽ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ትምህርቲ መም/ ዓንደም እዮብ ኣብ ዘሰምዮ ቃል፡ እቲ ምስ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራን ብስሉሳዊ ምውህሃድ ዝፈልመ መደብ ብጽቡቕ ይሰላሰል ምህላዉ ብምግላጽ፡ ንመጻኢ ንዝያዳ ወጽኢታውነት ኑቲ ዕድል ዝረኸቡ ሰልጠንትን ኣብያተ ትምህርቲን በብኣዋኑ ተዓቂኒ ገምጋም ትግባረ ብምክያድ፡ ተኻእቲ ተጻወትቲ ብዝበዝሕን ዓይነትን ብምፍራይ ንጻወት እቲ ሃገራዊ መደብ ብዝለዓለ ክየሰሉ ተላቢዩ። ወከል ሰልጠንቲ ብጉዳኡ ንዝተዋህቦም ናይ ስልጠና ዕድል ብምምስጋኑ ነቲ ዝቐሰምዎ ሞያ ዝያዳ ብዝሃበራዊ ስራሕ ብምምዕባል ኣብ ዕቤት ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ህጻናት ኣብያተ ትምህርቲ ተርእዎ ከም ዝጻወቱ ገሊጹ።




ኣብቲ ኣጋጣሚ ሰልጠንቲ ዝተዓደሎም ወረቐት ምስክር ካብ መም/ ዓንደም እዮብን ወከል ክፍሊ ምክትታል ክሽክሽን ሓለዋን ህጻናት ኣብ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ወ/ሮ ኣድሓኑት ጋይምን ተቐቢሎም።

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ እዚ መደብ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ህጻናት ኣብያተ ትምህርቲ ቅድሚ ምብጋሱ፡ ኣብቲ ብደረጃ ሃገር ኣብ ዝተመርጸ 45 ኣብያተ ትምህርቲ፡ 675 ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 1350 ተመሃሮ ህጻናት ሓቝፉ ዝሰላሰል ዘሎ ናይ ምስልጣን መደብ ንዝኣልዩ መምህራን ኣካላዊ ብቕዓት፡ ንመደባት ውድድር ኩዕሶ እግሪ ፊፋ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝምልከት ስልጠና ብምሃብ፡ ላዕለዎት ተወከልቲ መደባት ኩዕሶ እግሪ ህጻናት ኣብያተ ትምህርቲ ፊፋ ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ 2025 ፈስቲቫል ኩዕሶ እግሪ ህጻናት ኣብያተ ትምህርቲ ብምውዳቡ ኑቲ ናይ ሰለስተ ዓመት መደብ ምፍላሙ ዝዝከር'ዩ።

## መበል 20 መድረኽ - ንግስቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ
### ሪቻርድ ካራፓዝ፡ ዕውት ንግስቲ መድረኽ ኩይኑ

170.9 ኪሎ ሜተር ዝሸፈነት መበል 20 መድረኽ ዙር ፈረንሳ፡ ሰለስት ናይ 'ህርስ ካታጎሪ' ዘለዎም ተረርቲ ዓቐብ፡ ሓንቲ ከኣ ናይ ሓደ ካታጎሪ መዐቀኒ ዘለዎ ዓቐብ ዝሓለፉ ዝተረረት መድረኽ ዙር ፈረንሳ ብምዃና፡ ንግስቲ መድረኽ እያ ትብሃል።

እዛ መድረኽ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜ ንኣልፐ ደህዛ ሓኸርካ እትዛዘም'ያ ነይራ። ምጥቃዕን ምውዳቕን ዝተርኣያ ፈታኒት መድረኽ ብምንባራ፡ ንናይ መውዳእታ ወጽኢት መልክዑ ከም ዝቕይር ገይራቶ። ሪቻርድ ካራፓዝ ኣብ ቀዳማይቲ ዓቐብ ብዘዝበር ምጥቃዑ ዘድልዮ ነጥቢ ብምእካብ ኑታ ትማሊ ዝወደያ ናይ ዓቐብ ማልያ ውሕስነት ፈጢሩላ።

ጸወታ ናህሩ ከየጉደለ ከሎ ሰፕ ኩሱ ጆርግሆኡ ኣርሚረል፡ ፒጋዝሊ ኣብ ቅድሚት ብምዃን ንጉጅለ ክውጥኑዋ ተረኢዩ። ሪቻርድ ካራፓዝ መጥቃዕቲ ኣካየደ። ጃይ ሂንድሊዩ፡ ሰፕ ኩሱ ማቲው ሪቺተሎ ከኣ ተጸንበርዎ። ካራፓዝ ታክቲካዊ ጥበብ ተጠቒሙ ንቑሩብ እኳ እንተ ኣምለጠ፡ እቲ ዕውት ፈተነ ዘዐደደ ግን ሰፕ ኩሰ'ዩ። ሰፕ ኩስ ንብዩኡ ኣብ ምምራሽ እንከሎ፡ ውድድር ክውዳእ ኣርባዕተ ኪሎ ሜተር ምስ ተረፎ ናይ ምውዳቕ ሓደጋ ኣጋጢሞ። ካብ መውደቕቲ ተሲኡ እናቐጸለ፡ ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ደማ ዶምማይ ወደቐ። ኣብዚ ካልኣይቲ ሪቻርድ ካራፓዝ ሓሊፍዎ ብምኻድ ኑቲ ውድድር ኣብ ትሕቲ ቀጻጽሩ ኣእተዎ። ሪቻርድ ካራፓዝ በቲ ዘዐደዶ መጥቃዕቲ ንመድረኽ ንግስቲ ዙር ፈረንሳ ተዓዊቱላ። ሬምኮ ኢቨንፖል ካልኣይ፡ ሰፕ ኩስ ሳልሳይ ደረጃ ሓዚ። ካራፓዝ ንመበል 18 መድረኽ'ውን ተዓዊቱላ ነይሩ'ዩ። ሪቻርድ ካራፓዝ 156 ነጥቢ ብምውህሃል ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ለቢሱ ናብ ፓሪስ ክምርሕ'ዩ። ማደሰን ፔደርሰን ንሳልሳይ ተኸታታሊ መዓልቲ ናይ ማእከል ሕንጻጽ ብምዕዋት፡ ኣብ ቀጠልያ ማልያ ኑቲ ካልኣይ ዘሎ ፊልፕሰን ብ182 ነጥቢ በለጽዎ ኣሎ። ብንያም፡ ብ361 ሳልሳይ ደረጃ ሐዙ ይርከብ። ብየጊ ማልያ ሕጂ'ውን ኣብ ዝጠን ፓጋቻ እያ ዘሎ። ዙር ፈረንሳ ሎሚ ዛዛሚ መድረኹ ከካይድ'ዩ። ኩለን ማልያታት ወሰንተን ተረጋጊጸም ብምህላዎም፡ እቲ ሕቶ ናይ መድረኽ ዕውት መን ይኸውን ዝብል'ዩ። ዛዛሚት መድረኽ ዙር ፈረንሳ 133 ኪሎ ሜተር ክትሸፍንኳ መደብ ተሰሪዑላ እንተ ነበረ፡ ኣብ ፈረንሳ ኣጋጢሙ ብዘሎ ሓደጋ ባርዕ ጫካን ብርቱዕ ዋዕን ናብ 89 ኪሎ ሜተር ወሪዳ ትርከብ።



## ኣርሰናል፡ ንቪኒሽስ ጁኔር ክተፈርም......



ናይ ፕሪመር ሊግ ክብራ ንምዕቃብ ኣብ ምድላው ትርከብ ኣርሰናል፡ ንናይ ምጥቃዕ ማስመራ ናህሪ ክትወሰኸሉ ብምባል ንቪኒሽስ ጁኔር ትወንክሉ ተኽእሎታት ተማዕዱ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣርሰናል፡ ቪኒሽስ ምስ ርያል ማድሪድ ውዕል ናይ ምፍራሙ ተኽእሎኡ ትሕሉ ከም ዘላ ይገልጽ። እዚ ብራዚላዊ ኮኾብ ምስ ማድሪድ ዘለዎ ኰንትራት ኣብ ናይ መውዳእታ ዓመት'ዩ ዝርከብ።


ድሌት ኣርሰናል ኣብ ናይ መጀመርያ ደረጃ ከም ዘሎ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ብደረጃ ክለብ ዝርርብ ክካይድ ትጸበት ይግበረሉ። ይኹን እምበር ቪኒሽስ ናብ ኣርሰናል ምምጻእ ዝብል ሓሳብ፡ ኣርቴታን ኣንድሬ በርታን ሓዊስካ ኩሉ ኣካላት እታ ክለብ ኣብ ስምምዕ ክበጽሕሉ የድሊ'ዩ።

ኣብ ዕድጊ ተጻወትቲ ዝሓላ ከም ዘላ ትግለጽ ኣርሰናል ዝላሰ ኣፈራግ ኣላ። ክምኡ'ውን ኣንቶኛ ኑሳ ካብ ኣርቢ ሉበዚግ ንምፍራም ምስ ቶተንሃም ኣብ ቅልስ ትርከብ፡ 70 ሚልዮን ፓውንድ ብምድላው ንጉማረሽ ካብ ኒውካስል ንምምጻእ ተብዮ ከም ትወስድ ከኣ ይንገረሉ። እዚ ከምዝሉ ከሎ'ዩ ድማ ንቪኒሽስ ንምምጻእ ተማዕድዋ ዘላ። ኣርሰናል፡ ነዚ ብራዚላዊ ተጻዋታይ ኣብ ኢዳ ንምእታው ግን ጉዳያ ደሞዙ ክትሓስበሉ ዝግደዳ'ዩ። ወዲ 26 ዓመት ቪኒሽስ ኣብ ማድሪድ ሸሞንተ ዓመት ዝጸንሐ ክኸውን ከሎ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኩሉ ግጥማት 22 ሽቶታት ብምምዝጋብ ወሳኒኡ ኣማስኪሩ'ዩ።

## ዜና ብሓጺሩ

- "ዝዩሕጉሳት ተጻወትቲ ካብ ቶተንሃም ክኸዱ ይኽእሉ'ዮም" ደ ዘርቢ

ኣሰልጣኒ ቶተንሃም ደ ዘርቢ፡ ኣብዛ ክለብ ሕጉሳት ዘይኮኑ ተጻወትቲ ኣብዚ ክረምቲ ናብ ካልእ ክኸዱ ኣለዎም ክብል ተዛሪቡ። ኣብ ወርሒ መጋቢት መዘኡት ምዕዋም እዛ ክለብ ብምርካብ ናብ ድሕሪት ካብ ምምላስ ዘድሓና ደ ዘርቢ፡ ንመጻኢ ሉካስ በርግቫል ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ'ዩ ዚ ተዛሪቡ። ሽወደናዊ ኣከፋፋሊ በርግቫል፡ ብኖቲንግሃም ፎረስት ዝደለ ዘሎ ተጻዋታይ ቶተንሃም'ዩ። ኖቲንግሃም፡ ብቶተንሃም ዝተነጸገ 38 ሚልዮን ፓውንድ ቀረባ ነይራ። ናብ 45 ሚልዮን ፓውንድ ክብ ብምባል ክትምለስ ድማ ትጸበት ይግበረላ። እዚ ዝተዓዘበ ደ ዘርቢ፡ ኣብዛ ክለብ ብምህላዎም ከርዓትን ሕጉሳትን ጥራሕ ዝኸኑ ተጻወትቲ ምስኡ ክህልው ከም ዝደሊ ሓቢሩ።




- ርያል ማድሪድን ፒኤሰጂን ኣብ ውድድር

ዕውቲ ሻምፕዮንስ ሊግ 2025-26 ዝኾኑት ፒኤስጂ፡ እታ ያን ዲያሞንደ እተፈርም ክለብ ክዘለለ'ዩ ጸሪሑ። ይኹን እምበር እዚ ዕድዒ ርያል ማድሪድ ብምጽንባር ካልእ ኣንፈት ተትሕዞ'ላ። ኣርቢ ሉበዚግ ምስ ሞቋሸሽ ሓዊሳ 100 ሚልዮን ዩሮ ኣብ ጣውላ እተቐምጥ ክለብ እዚ ኣይቮሪኮስታዊ ተጻዋታይ ክትውንኖ ከም እትኽእል'ያ ክትገልጽ ጸኒሓ። እዚ ዋጋ ኽትብጽሖ ቀርባትት ኣርእያ ዝጸንሐት ከኣ ፒኤሰጂ'ያ። ንሞሪኖ ዓለሚኣ ገይራ ዝመዘዘት ርያል ማድሪድ ከኣ 90 ሚልዮን ዩሮ ክፍሊትን 10 ሚልዮን መቑሸሽን ቀሪባ ናብ ኣርቢ ሉበዚግ ኣቕሪባ ትርከብ። ጉድኒ ጉድኒ ውድድር ርያል ማድሪድን ፒኤሰጂን ማንቸስተር ሲቲ'ውን ንወዲ 19 ያን ዲያሞንድ ንምውናን ጸኒዕ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ትርከብ።

- ካንግ-ኢን ሊ ናብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ተጸንቢሩ

ኣትሌቲኮ ማድሪድ ንደቡብ ኮርያ ተጻዋታይ ፒኤሰጂ ብ35 ሚልዮን ዩሮ ከም ዘፈረመቶ ገሊጹ። እዚ ምስ ፒኤሰጂ ብምዃን ክልተ ግዜ ጽዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ከልዕል ዝበቅዐ ኣከፋፋሊ፡ ምስ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ክሳዕ 30 ሰነ 2031 ክጸንሕ ብርዕን ወረቐትን ኣላጊቡ ይርከብ። ኣትሌቲኮ ማድሪድ ንምፍራም እዚ ተጻዋታይ ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ካንግ-ኢን ሊ ቁጽሪ 7 ማልያ ከም ዝለብስ ኣፍሊጣ። ንኩዕሶ እግሪ ስጳኛ ሓድሽ ዘይኮነ ሊ፡ ወዲ 10 ዓመት እንከሎ፡ ኣብ ኣካዳሚ ቫለንሽያ ተጸንቢሩ። ኣብ 2019 ድማ ምስታ ክለብ ብምዃኑ ኮፓ ደል ረይ ከልዕል በቒዑ። ብተወሳኺ ቅድሚ ኣብ 2023 ናብ ፒኤሰጂ ምጽንባሩ ምስ ርያል ማሎርካ ብምዃን'ውን ኣብ ላ ሊጋ ተጻዊቱ'ዩ። ወዲ 25 ዓመት ሊ ግደ ኣጥቃዓይ ኣከፋፋሊ ወይ ናይ ክንፊ ክሕዝ ዝኽእል ብምዃኑ፡ ኣትሌቲኮ ልዑል ኣበርክቶ ክትረክብ ተተስፍያ ኣላ።

## ሮድሪ፡ ሓደ እግሩ ኣብ ማድሪድ ኣዕሪፉ




ርያል ማድሪድ ኣብ ዕድጊ ሮድሪ ሓደ ስጉምቲ ከም ዝተጓዕዘት መርበብ ሓበሬታ 'ጎል' ገሊጹ።

እታ መርበብ ሓበሬታ፡ ጉዕዞ ሮድሪ ካብ ማንቸስተር ሲቲ ናብ ርያል ማድሪድ ልዕሊ ካልእ እዋን ከም ዝተቓረበ ሓቢራ። እዚ ስጳኛ ተጻዋታይ ምስ ርያል ማድሪድ ውልቃዊ ስምምዕ ብምፍጻሙ፡ ብዛዕባ ክፍሊት ዝምልከት ክልተኣን ክለባት ኣብ ስምምዕ ክበጽሓ ይጽበ'ሎ። ሮድሪ፡ ማልያ ማድሪድ ክለብስ ንኣእምርኡ ኣዳሊዎ ከም ዘሎ ኣብ ዝሕበረሉ ዘሎ ግዜ፡ ወግዓዊ መግለጺ ክወሃብ ኣብ ትጸበት ይርከብ።

ሞሪቶ ዝተብሃለ ጋዜጠኛ ስፖርት ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ሮድሪ ምስ ርያል ማድሪድ ኣብ ዝጉበሮ ውዕል፡ ውልቃዊ ድሌቱ ኣመልኪቱ ኣብ ስምምዕ ከም ዝጸሐ ብምግላጽ፡ እቲ ተረፉ ዘሎ ናይ ክልተኣን ክለባት ስምምዕ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ሮድሪ ካብ ወሰንቲ ዒላማታት ርያል ማድሪድ ኣብ ቅድሚት ተሰሪዑ ዝጸንሐ ተጻዋታይ'ዩ። ሓለፍቲ ርያል ማድሪድ፡ ዘለዎ ወህሉል ተሞክሮ፡ ኣብ ሜዳን ካብ ሜዳ ወጻእን ናይ ምምራሕ ዓቕሙ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ማእከል ሜድኦም ንኽሕይል ዓይኒ ኣውዲቖምሉ ዝጸንሐ ተጻዋታይ ምዃኑ ይፍለጥ። ሮድሪ ምስ ማድሪድ ውልቃዊ ስምምዕ ብምግባሩ ሓደ እግሩ ኣብ ማድሪድ ክዕርፍ ክኢሉ'ሎ። ምሉእ ከይከውን ንክልተኣን ክለባት ፈላሊወን ዘሎ፡ ጉዳይ ክፍሊት'ዩ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጉት<br>ፋርማሲ ሰንትራል<br>ፋርማሲ በራኺ | 26/07/2026 | ጎደና ኣፍሪቃ ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ<br>ጎደና ናቕፋ ቁ.18-20፡ ፊት ከረን ሆተል<br>ከበ. ፍያትታሊሮ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ | 125154<br>120730<br>07147264 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565